ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ – እዚ እንታይ እዩ?

ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ናይ 1-ዓመት ቀረብ መሳገሪ ክኸውን ከሎ፣ በዚ ድማ እስኹም ብተግባራዊን ቤት ትምህርታዊን ንመሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ትቀራረቡ።

ካብ 3,5 ክሳብ 4 መዓልታት ኣብ ትካል ትሰርሑ ከምኡውን ካብ 1 ክሳብ 1,5 መዓልቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ትሳተፉ። ነቲ ስራሕ ኣብ ትካል መሃያ ትኽፈሉ። ነቲ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ድማ ንመምህሪ ዘድሊ ገንዘብ ናውትን ምናልባሽ ድማ ንዑደት ገንዘብ ትኽፍሉ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወቕተ ትምህርቲ ጻዕርኹም ይግምገም።

ወይ ድማ ፍሉይ ዝኾነ ናይ ቅድመ ትምህርቲ-መደብ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ትሳተፉ፣ መብዛሕትኡ እዋን ምስ ተግባራዊ ልምድን ደረጃታትን ኣብ ትካላት ዝተጸናበረ እዩ። ኣብቲ ፈረንሳይኛን ጥልያንን ዝዝረቦ ኣካል ስዊዘርላንድ ከምዚ ዓይነት ቅድመ ትምህርቲ ዝተለምደ እዩ፣ ነቲ ኣብቲ ጀርመንኛ ዝዝረቦ ኣካል ስዊዘርላንድ ዘሎ ሙያ መቀራረቢ ዓመት ድማ ይመስል እዩ።

ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ንዓኹም ልክዕ‘ድዩ?

እስኹም ነቲ ግቡእ እዋን ቤት ትምህርቲ ወዲእኩም ኢኹም ከምኡውን

- ዕድሜኹም ካብ 15 ክሳብ 18 ዓመት እዩ (ፍሉይ ንዝኾነ ቅድመ ኩነትን ኣብ ሓደ ሓደ ዓድታት ክሳብ 20)።
- እስኹም ገና ሙያ ኣብ ምምራጽ ደረጃ ኢኹም ዘለኹም ወይ ድማ ሓደ ሙያ መሪጽኩም ኣለኹም፣ እንተኾነ ግን ናይ ትምህርቲ ልምዲ ቦታ ኣይረኽብኩምን ኣለኹም።
- ንሓደ መሰዊ ትምህርታዊ ሙያ ብዓወት ንምዝዛም፣ ብምኽንያት ቋንቋን ትምህርትን ገና ናይ መቀራረቢ እዋን የድልይኩም እዩ።
- ተደሪኽኩም ኣለኩም ከምኡ ድማ ንምምህር ቅሩብ ኢኹም.
- ንምርድዳእን ትህምርቲ ንምክትታልን ዝኣክል መሰረታዊ ፍልጠት ናይ ከባቢ ቋንቋ ኣለኩም።

ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ከመይ ጌርኩም ትረኽቡ?

መጀመርታ ነቲ እስኹም ክትገብርዎ ደሊኹም ዘለኹም ሙያ ወይ ድማ መዳይ ሙያ ሓደ ናይ ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ዝቕርብ ሓደ ትካል ክትረኽቡ ኣለኩም። ድሕሪኡ ነቲ ዝምልከቶ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ነዚ ናይ ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ትካል ተመዝግቡ። ነዚ ቤት ትምህርቲ ዝበቅዕ ቅድመ ኩነት ተማልኡ ኣንተኼንኩም ሽዕኡ ይጻረ። ድሕሪኡ ምስ እቲ ትካል ናይ ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ውዕል ትፈራረሙ።

ኣብ ሓደ ሓደ ካንቶናት ብማእከል ኣማኽርቲ ሙያ እዩ እዚ ምድላይ ቅድመ ትምህርቲ ልምድ ዝካየድ፣ ምስኡም ብሓንሳብ ኹንኩም ሰነድ ተቀራርቡ ከምኡ ድማ ናይ ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ትካል ትደልዩ። ኣዚ ማእከል ኣማኽርቲ ሙያ ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ወይ ድማ ቅድመ ትምህርቲ-መደብ ክትደልዩ ከለኹም ኩሉ ጊዜ ይሕግዘኩም እዩ።

ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ኣብ ኩለን ሙያታት ይከኣል‘ድዩ?

እወ፣ ከምኡ ዓይነት ቅድመ ትምህርቲ ዝህብ ትካል እንተ ረኺብኩም።

ንቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ክንደይ መሃያ ትረኽቡ?

ኣብ ሓደ ትካል ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ክትገብሩ ከለኹም፣ እቲ መጠን መሃያ ከከም መዳይ ሙያ ዝተፈላለየ እዩ ከምኡውን ምስ እቲ መሃያ ናይ መጀመርታ ዓመት ትምህርቲ ሙያ ዝተተሓሓዘ እዩ። ከም ግቡኡ ዳርጋ 80 ክሳብ 90% ናይ መጀመርታ ዓመት ትምህርቲ ሙያ መሃያ ትኽፈሉ። መጠን ናይ እቲ ትረኽብዎ መሃያ ኣብቲ ውዕል ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ይሰፍር እዩ።

ቅድመ ትምህርቲ-መደብ ኣብ ናይ ሙሉእ መዓልቲ ትምህርቲ መሃያ ኣይትረኽቡን ኢኹም።

ናይ ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ውዕል እንተለኩም ናይ ትምህርቲ ልምዲ ውዕል'ውን ኣለኩም'ዶ?

ኣይፋልን። ዝበለጸ ዝከውን ግን፣ ድሕሪ እቲ ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ኣብቲ ናይ ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ወይ ድማ ተግባራዊ ልምዲ ዝገበርኩሙሉ ትካል መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ክትፍጽሙ እንተኽኣልኩም እዩ። እቲ ጉዳይ ከምኡ እንተኾይኑ፣ ምስ እቲ ትካል ውዕል ትምህርቲ ልምዲ ክትፈራረሙ ኣለኩም።

ኣብ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ እንታይ ትመሃሩ?

ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ዝጅመር ኣብ ኣዋርሕ ነሓሰ/ መስከረም ክኸውን ከሎ ክሳብ ኣዋርሕ ሰነ/ ሓምለ ክኣ ይካየድ። ከም ግቡኡ ኣብ ሓደ ክፍሊ ቅድመ ትምህርቲ ሙያ ኢኹም ትምደቡ ክምኡ ድማ ንነፍሲ ወከፍ ፍሉይ ዝኾነ ኣስተምህሮ ድማ ትወሃቡ፣ ኣድህቦ ዝወሃቦ ከኣ ኣብቲ ቋንቋ (ከከም ከባቢኡ ጀርመንኛ፣ ፈረንሳይኛ ወይ ድማ ጥልያንኛ)፣ ሒሳብን ሓፈሻዊ ትምህርትን ይኸውን። ኣብቲ ቤት ትምህርታዊ ቅድመ ትምህርቲ-መደብ ልምዲ ነቲ ምልላይ ሙያ፣ ተግባራዊ ልምዲ ከምኡ ድማ ንትምህርቲ ልምዲ ምምልካት ብጽኑዕ ትቀራረቡ።

ጸገም ትምህርቲ ዘለኩም እንተ ኾይኑ ብመምህር ውልቃዊ ዝኮነ ደገፍ ትረኽቡ። ዕዮ ገዛ ናይ ቤት ትምህርቲ ክትሰርሑ ኣለኩም።

ኣብ ትካል እንታይ ትመሃሩ?

ኣብ ትካል ነቲ ናይ ስራሕ ዓለም ብቐረባ ትላለዩ ከምኡ ድማ ናይ መጀመርታ መሰረታዊ ዝኾነ ኣሰራርሓ ነቲ እስኩም ክትመሃርዎ ደሊኹም ዘለኹም ሙያ ትቐስሙ። ኣብ ትካል ንዓኹም ነቲ ትካል ዘላልየኩምን ዝድግፈኩም ወይ ድማ ነቲ ተግባራዊ ልምዲ ዘሰንዮኩም መዛርብትኹም ዝከውን ሓደ ውልቀሰብ ይምደብ።

ናይ ዓመት ዕረፍቲ ኣለኩም'ዶ?

እወ፣ ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ኣብ ትገብሩሉ ትካል ናይ ሓሙሽተ ሰሙን ዕረፍቲ ኣለኩም። እዘን ኣዋናት ዕረፍቲ ኣብ እዋናት ዕላዊ ዕረፍቲ ቤት ትምህርቲ ክውሰዳ ኣለወን። ኣብተን እዋናት ዕረፍቲ ቤት ትምህርቲ ኣስተምህሮ ኣይግበርን እዩ። ኣብዘን እዋናት ዕረፍቲ ቤት ትምህርቲ፣ ናይ ዓመት ዕረፍቲ ኣብ ዘይትገብሩለን ጊዜ ኣብቲ ትካል ኣብ ሰሙን ሓሙሽተ መዓልቲ ትሰርሑ።

ኣብ ቅድመ ትምህርቲ-መደብ ኣብተን እዋናት ዕረፍቲ ቤት ትምህርቲ እስኹም እውን ዕረፍቲ ኣለኩም።

ሓበሬታ

ኣብቲ ናይ ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ውዕል ዝርከበሉ ዝምልከተን ናይ ካንቶንኩም ቤት ትምህርታት ዓውደ ሙያ ሓበሬታ ትረኽቡ።